ቤት ፍረዲ ወረዳ ኣሕፈሮም ንመሳርሒ ፅሕፈትን ቀለልትን ሃለቕትን ኣቕሑት፣ ኣቕሑት ኤሌክትሮኒክስ ፣ ሕትመት ፣ ኣቕሑት ፅሬት፣ ተሸከርከርቲ፣ ኣቕሑት ቢሮ ወይ ፈርኒቸር ወይደማ ቀወምቲ ንብረት ኣገልግሎት ዝውዕሉ ብግልፂ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ ነዞም ስዒቦም ዘለው ረቋሕታት እተማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ንክትወዳደሩ ንዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ጥቅምቲ 22, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 5, 2011 8:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000.00
- ቦታ:ኣሕፈሮም
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:30.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 5, 2011 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ካልኦት ዓይነት ፈርኒቸር/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/

1 ዝተሓደሰ ፍቃድ ንግዲ 2010/11 ዓ/ም ፣ተመዝገብቲ ተወሳኺ ኣሴት ታክስ

2 መለለይ ቁፅሪ ከፋላይነት ግብሪ ወረቀት ምስክር መቅረባይነት ዘቕርብ

3 መዐደጊ ሰነድ ጨረታ ንመሳርሒ ፅሕፈትን ቀለልትን ሃለቕትን ኣቕሑት፣ ኣቕሑት ኤሌክትሮኒክስ፣ ሕትመት ፣ ኣቕሑት ፅሬት፣ ተሸከርከርቲ፣ ኣቕሑት ቢሮ ወይ ፈርኒቸር ዘይምለስ 30.00 ቅርሺ ብምኽፋል ካብ ቤት ፍረዲ ወረዳ ኣሕፈሮም ከ/ስ/ዕ/ፋይ/ምም/ር/ንብረትን ቢሮ ቁፅሪ 03 ካብ 22/02/2011 ዓ/ም ጀሚሩ ምውሳድ ይከኣል።

4 ጨረታ ዝኽፈተሉ ዕለት ኣብ ቤት ፍረዲ ወረዳ ኣሕፈሮም ከ/ስ/ዕ/ፋይ/ምም/ር/ንብረትን 05/03/2011 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 8:30 ድ.ቀትሪ ኮይኑ ተጫረቲ ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ወይ በመምርሒ መሰረት ይኸፈት።

5 ናይ ጨረታ መኽበሪ ውሕስና ቢድ ቦንድ ንመሳርሒ ፅሕፈትን ቀለልትን ሃለቕትን ኣቕሑት፣ኣቕሑት ኤሌክትሮኒክስ፣ ሕትመት ፣ ኣቕሑት ፅሬት፣ ኣቕሑት ቢሮ ወይ ፈርኒቸር ወይደማ ቀወምቲ ንብረት ተሸከርከርትን 3000.00 ቅርሺ ብጥረ ገንዘብ ወይ በባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ከትሕዝ ዝክእል።

6 ሰነድ ጨረታ ዝተዓሸገ ፖስታ ዋናን ቅዳሕን ብንፁር ናይ ሓደን ጠቕላላን ዋጋ መሊእኹም ክሳብ 05/03/2011 ዓ/ም ሰዓት 8:00 ናብቲ ጨረታ ሳነዱቅ ክተእትወ ይግባእ።

7 ሰነድ ጨረታ ስርዝ ድልዝ ዘይበሉ ኣብ ሕድሕድ ገፅ ድማ ማህተምን ፊርማን ክህልዎ ይግባእ።

8 ተጫረቲ ጠቕላላ ዘሸነፍዎ ዋጋ 10% መኽበሪ ውዕሊ ብምትሓዝ ጨረታ ምስዓሮም ካብ ዝፈለጥሉ ዕለት ጀሚሮም ኣብ ውሽጢ 3 መዓልቲ ውዕሊ ብምእሳር ብዝተኣዘዘ መዐቀኒ በዝሕን ፅሬትን ከረክቡ ዝኽእሉ፤

9 እቲ ቤት ዕዮ ካብ ዘቕረቦ ዝርዝር ዓይነት ንብረት ክሳብ 20% ክውስኽ ወይ ክቕንስ ይኽእል እዩ።

10 ብተወሳኺ ክሳብ 20% ኣብ ውሽጢ 3ተ ወርሒ ክውስኽ ይኽእል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 እቲ ቤት ዕዮ ነቲ ጨረታ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

12 እዚ ዋጋ እዚ ን60 መዓልቲ ፀኒዑ ይፀንሕ።

13 ተጫረቲ ሰዓርቲን ተስዓርቲን ብመዓረ ለጢፍና ነፍልጠኩም ምኻና ንሕብር።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስ.ቁፅሪ 0344-490187/0914-192268 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle